# ብዛዕባ መዋእለ-ህጻናት ዘለኩም ሕቶታትን መልስታቱን

**ብዙሓት ቆልዑ መዋእለ-ህጻናት ክኸፈተሎምን ምስ መሓዙቶምን ኣዕሩኽቶምን ሚሸም ክራኸቡ ክህንጠዩን ግድን እዩ። እንተኾነ ግና ኩሎምወለድን ሰራሕተኛታት መዋእለ-ህጻናትን ዋሕስነት ይስማዖምኣሎማለት ኣይኮነን።**

መዋእለ-ህጻናት ትሮንድሀይምሰኑይ 20 ሚያዝያ ክኽፈታእየን። ትሮንድሀይምኮሙን ንወለድን ኣለይትን ዝኾነ ሕቶታት ምስ ዝህልዎምሕቶታቶምክሰዱዓዲመዎምኔሩ። ብዙሓት እዮምድማ ተወኪሶምኖ። ዓርቢ ድማኣብናይኮሙ ቻነል ቲቪ ኣብ ዝተፈነወ ቀጥታዊ ፈነወ ብዙሓት ሕቶታት ተማሊሶምኣለዉ።

ቅዳሕ ናይቲ ፈነወ ኣብዚ ክርአ ይከኣል፡
https://trondheim.kommunetv.no/archive/481

ነዞምሕቶታት ዝመለሱ ሓላፊት ጉዳያት ኣተዓባብያን ትምህርትን ካሚላ ትሩድነርኢይድ( Camilla Trud Nereid)፡ ኮመናዊ ሓላፊት መዋእለ-ህጻናት ኣላ ኢንግዳል (Ella Ingdal)፡ ላዕለዋይ ሓኪም ኮሙ በቲ ዩሃነ ፐተርሰንን( Betty Johanne Pettersen) ሓላፊት መዋእለ-ህጻናት ጉን ክሪስቲን ሃንስቮልድን( Gunn Kristin Hansvold) እዮምኔሮም።

ኣብዚ ሕጡብ-ጽሑፍ ገለ ካብቶምዝተሓተቱ ቀንዲ ኣገደስቲ ሕቶታት ኣቕሪብናልኩምኣለና። እዚ ሕጡብ-ጽሑፍ ድማና ብእንግሊዘኛ፡ ቋንቋ-ፖላንድ፡ ቋንቋ-ሶማለኛ፡
ፋርሲ፡ ትግርኛ፡ ፈረንሰኛ፡ ቋንቋ ስፓኛን ኪስዋሂልን ክቱርጎምእዩ። እቲ ዝተቶርጎ መጽሐፍ ካብ ዓርቢ ከተንብቡዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**- ደቅና ሕጂ ኣብ መዋእለ-ህጽናት ክኸዱ ውሑስ እዩ ዘብለኩምዘሎ ምኽንያት እንታይ እዩ፧**
.ላዕለዋይ ሓኪምኮሙ በቲ ፐተርሰን፡ ምስ ዓበይቲ ሰባት ብምንጽጻር ኣብ ኖርወይ ኮነ ኣብ ዝተረፈ ክፋል ዓለምና ዝለገቦ ምቆልዑ ብጣዕ ሚውሑዳት እዮም። ካብ ዓበይቲ ሰባት ቆልዑ ክሕዞምዘሎ ተኽእሎን ንካልኦት ሰባት ከመሓላልፉን ዘሎተኽእሎን ዝነኣሰ ምኧኑ የተንበሃልና ኣሎ። ንኣብነት ኣብ ኣይስላንድን ሲንጋፖርን ካብቶምዝተሞርመሩ ዝሓዘ ምቆልዑ ብጣዕ ሚውሑዳት ምኧኖምተዓዚብና ኣለና። ዘርእዩዎ ምልክታት ዝደኸመን ሕማምናይ ምልባዕ ተኽእሎታቶምድማዝነኣሰ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። በዚ ምኽንያት ውን ቆልዑናይ ምትሕልላፍ ተኽእሎታቶምዝተሓተ እዩ ኢልና ንግምት።
ከነስተብህለሉ ዘለና ኣገዳሲ ነገር ኣብ ቤት-ትምህርታትን መዋእለ-ህጻናትን ዘይዓጸዋ ሃገራት ዝለገቦ ምቆልዑ ብጣዕ ሚውሑዳት ከምዝኾኑ እዩ፡ እዚ ውን ነቶምኣብ ኖርወይን ትሮንድሀይምን ኣብ መዋእለ-ህጻናትን ቤት-ትምህርታትን ዝኸዱ ዝነበሩ ቆልዑ ይምልከት።

**- ሓደ ወላዲ ሕሙሽኮር ወይ ኣዝማእንተደኣ ሃልዩዎ፡ እቲ ቆልዓ ኣብ ገዛ ክኸውን ይግብኦ ዶ፧**
ላዕለዋይ ሓኪምኮሙ በቲ ፐተርሰን፡ እቲ ወላዲ ነቲ ሕማምሽኮር ጽቡቕ ጌሩ ዝተቖጻጸሮ እንተኾይኑ ወይ ድማዝኾነ ካልእ ማሕለኻታት ዘይብሉ ኣዝማእንተደኣ ሃልዩዎ እቲ ቆልዓ ኣብ ገዛ ምኳን ኣየድልዮን እዩ። ሓፈሻዊ ምኽርታት ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ጽቡቕ ጽሬትን ኣብ መዋእለ-ህጻናት ኮነ ኣብ ገዛ ክንክተሎምኣለና። እቲ ወላዲ ልዕሊ 50 ዓመት እንተኾይኑ ዕድሚኡ፡ ሕማሙጽቡቕ ጌሩ ዘይተቆጻጸሮ ወይ ሕማሙዝኾነ ተወሳኺሽግራት ዝፈጥረሉ እንተኾይኑ ወይ ካልእ ሕማምምስ ዝህልዎ ንሱ ወይ ንሳ ንሓኪምክውከስ ይግባእ፡ ምእንታን መደብ መዋእለ-ህጻናት ዝኾነ ምውዳዳት ወይ ምቅይያራት ክግበረሉ ኣድላዪ ድዩ ኣይኮነን ክግምገሙ።

**- ኣብ ስድራቤትና ዘለዉ ቆልዑ ወይ ዓበይቲ ሕማምሳንቡእ ዘለዎ እንተደኣ ሃልዩ ኸ፡ እቲ ቆልዓ ኣብ ገዛ ክኸውን ይግብኦ ዶ፧**
ላዕለዋይ ሓኪምኮሙ በቲ ፐተርሰን፡ ኮቪድ-19 ከቢድ ሕማምከሕምሞ ዘሎተኽእሎታት ካብ ዘዛይዱ ሕማማት ሕማምሳንቡእ ሓደ እዩ፡ ብፍላይ ስራሕ ሳንቡእ ብጣዕ ሚተዳኺሙእንተደኣ ጸኒሑ። ኣብ ገዛ ንኸይመሓላለፍ ጥንቃቐታት ግድን ምግባር ከድሊ እዩ፡ ከምተወሳኺ መዋእለ-ህጻናት ከኣ ነዚ

ብልዑል ትግሃት ክጽዕሩሉ እዮም፡ ሕማምሰንቡእ ዘለዎምወለዲ ሓኪምክውከሱ ይግባእ ምእንታን ሞደብ መዋእለ-ህጻናት ምሁዳዳት ወይ ምቅይያራት ክግበረሉ ኣድላዪ ድዩ ኣይኮነን ክግምግሙሉ ማለት ኣብ ገዛ ከይመሓላለፍ ዘሎ ተኽእሎታት ዝያዳ ከምዝድረት ንምግባር። ወለዲ ናይቶምቆልዑ(ወይ ካልኦት ተቐማጦገዛ) ከምተነ ካእቲ ዝቑጸሩ እንተኾይኖም(risikogruppe)፡ ወለድን መዋእለ-ህጻናትን ዝኾነ ምሁዳዳት ወይ ምቅይያራት ክግበር ይከኣል ድዩ ኣይከኣልን ንምፍላጥ ክዘራረቡ ኣለዎም፡፡

**- ምልክታት ረኽስታት ስርዓተ-ምስትንፋስን ልሙድ ነ ፈጥፈጥ ዝብል ኣፍንጫቆልዓን ብኸመይ ኢና ክንፈልዮ፧**

ላዕለዋይ ሓኪምበቲ ፐተርሰን፡ ብዙሓት ቆልዑ ዝኾነ ካልእ ምልክታት ረኽስታት ስርዓተ-ምስትንፋስ ከየርኣዩ ነ ፈጥፈጥ ይብሉ እዮም፡ ብፍላይ ድማደገ ወጺኦምክምለሱ ከለዉ። እዘምቆልዑ ጥዕንኦም ምሉእ ክሳብዝኾነ ናብመዋእለ-ህጻናት ክመጹ ይኽእሉ እዮም። ምልክታት ናይቲ ቆልዓ እንተደኣ ተቐይሩ፡ ማለት ዝያዳ ክፈዝዝ፡ ክደክም፡ ክጽልኦን ረስኒ ክሕዞን ጀሚሩ ዕብይ ዝበሉ ረኽስታት ስርዓተ-ምስትንፋስ ክኸውን ተኽእሎታት ኣሎ።

**- ሕማምንኸይመሓላለፍ ኣብመዋእለ-ህጻናት ከመይ ዓይነ ት ጥንቃቐታት ክኽተሉ እዮምኢልኩም ትጽበዩ?**

ሓላፊት ጉን ክሪስቲን ሃንስቮልድ፡ ኩሎምሰራሕተኛታት ብዛዕባ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ጽቡቕ ስልጠና ተዋሂቡዎምኣሎ። ጽቡቕ ሓበሬታን ኣፍልጦ ምዉሳኽን ሰራሕተኛታት ውሑሳት ንክኾኑ ጽቡቕ መሰረት የንጽፈሎም፡ ትማሊ ጽቡቕ ዝኾነ መምርሒታት ምክልኻል ሕማማት ተዋሂቡና። ብፍላይ ድማሰለስተ ንኽተለን ነ ጥብታት ኣለዋ፡ ቆልዑን ሰራሕተኛታትን ምልክታት ከርእዩ ከለዉብዘይ ብዙሕ ማሰናኽላት ኣድላዪ ዝበሃል ውሳኔ ምውሳን። ጽቡቕ ጽሬት ከምዝህሉ ምግባር፡ ብቐደሙኣብ መዋእለ-ህጻናት ጽቡቕ እንድዩ ነሩ ሕጂ ግን ብዝተዛየደ ዕቱብነ ት ከምዝተሓዝ ጌርናዮ ኣለና። ርሕቀትና ክንሕሉ ኢና፡ ከምኡውን ሰራሕተኛታት ዘይቅየሩለን ኣብንእስ ዝበላ ቀወውቲ ጉጅለታት ክንውደብ ኢና። ኣብዘን ቀወምቲ ጉጅለታት ቆልዓ ብሓባር ክጻወቱ ክፍቀደሎምእዩ።

**- ርክብንምቕናስ ወለዲ ደቆምዘብጽሕሉን ዝወስዱሉን ማስኮት ግዜ ክህሉ ድዩ፧**

ሓላፊት ጉን ክሪስቲን ሃንስቮልድ፡ ወለዲናይ ምኽፋትን ምዕጻውን ግዜ መዓስ ክኾነ ሎምከምዝደልዩ ንምፍላጥ ሓበሬታንእክብኣለና። መብዛሕትኦምኣበየናይ ግዜ ከምዝመጹ ክንፈልጦኢና፡ ምዚ ዝተተሓሓዘ ገለ ስጉምትታት ከነ ተኣታቱ ኢና። ብዝተኻእለ ማጠን ዝበለጸ ንኽኾነ ልና ምስ ጉጅለ ወለዲ ጽቡቕ ምትሕብባር ክህልወና እዩ።

**- እቶምዝነ ኣሱቆልዑ ክለግቦምዘሎ ተኽእሎታት ብኸመይ ዓይነ ት ኣገባብ ክትቅንሱዎ ትሓስቡ፡ ማለት ብዙሕ ግዜ ሓደ ነ ገር ይበልዑዎን ይጥዑሞዎን እዮም፡ ከምኡውን ርሕቀት ክሕሉዉከምዝለዎም ኣይርድኦምን እዩ፧**

ሓላፊት ጉን ክሪስቲን ሃንስቮልድ፡ ነ ቲ ውሽጣዊ ኣከባቢ ክንውድቦ ኢና፡ ከምኡውን እቶምሕጂ ነ ቕርበሎምመጻወቲታት ብልቦና ዝሚልኦ ኣገባብ ክንገብሮ ኢና። እቶምነ ቕርበሎምመጻወቲታት ዝወሓዱእዮምክኾኑ፡ ከምኡውን ጽቡቕ ጌርና ክንፈልጦን ክንቆጻጸሮን ክንክእል ኣለና። ንጽሬት ዝምልከት ድማብጥብቂ ክንከታተሎምኢና።

**- መዋእለ-ህጻናት ዝኽፈተሉ ግዜ ካብናይ ቀደምዝሓጸረ ድዩ ክኸውን?**

ሓላፊት ጉን ክሪስቲን ሃንስቮልድ፡ ገሊኦምከምኡ ክገብሩ ዕድል ይወሃቦምይኸውን፡ ግን ከምቲ ኣቐዲመዝበልኩዎ ወለዲ እንታይ የድልዮምከምዘሎ ዘፍልጠና ሓበሬታ ምስ ረኸብና እዩ ዝውሰን።

**- ኣብንኣሽቱ ጉጅለታት ክትከፋፈሉ እኹላት ሰራሕተኛታት ወይ ዓቕምታት ኣለኩምድዩ፡ ማለት ገሊኦምሰራሕተኛታት ተነ ካእቲ ብምዃኖምወይ ድማምልክታት የርእዩ ብምህላዎምክሰርሑኣብ ዘይክእሉሉ እዋን ካብሃለና፧**

ኮሙናዊ ሓላፊት ኣላ ኢንግዳል፡ በቶምመምርሒታት መሰረት ዕብየ ት ናይቶምጉጅለታት ምስ ንቡር ብዝሒሰራሕተኛታት መዋእለ-ህጻናት ተዛሚዲ እዩ ዘሎ። እዚ ድማነ ቶምጉጅለታት ብግብራዊ ሜልክዕ ክንከፋፍሎምከቃልለልና እዩ። ኣብቲ መዋእለ-ህጻናት ብኩራት ሰራሕተኛታት እንተደኣ በዚሑድማ ብግዝያዊ ሰራሕተኛታት ክንትክኦምክንግደድ ንኽእል ኢና። እዚ ኣብመዋእለ-ህጻናት ብኩራት ከጋጥምከሎ ንቡር ኣሰራርሓ እዩ።

**- ውላደይ መዓልታዊ ሓድሽ ገጽ ዓበይቲ ከምዝይርእን ዝኣክል ቆላሕታ ከምዝረክብን ከተረጋግጹለይ ትኽእሉ ዶ?**

ኮሜኛዊ ሓላፊት ኣላ ኢንግዳል: ምእኡ ብምእኡ ከነ ረጋግጸልካ ንኽእል።

**- ወለዲ ንደቆምከሚኤዎምዘለዎምነገራት ኣሎድዩ ወይ ቆልዑ ኣብገዛ ከትርፉዎምዘለዎምነገራት ኣለዉድዮም?**
ሓላፊት ጉን ክሪስቲን ሃንስቮልድ፡ ሜጻወቲታት ሒዞምክሜዱ ኣይንደልን ኢና። እታ ዝዘናግዑላ ባንቡላ እንስሳን(kosedyr) ጡጦን ክሜልኡ ክፍቀደሎምእዩ። ክዳውንቲ ሕጂ ውን ከምቀደሙኣብ መቐይሪ ክዳን ከተትርፉ ትኽእሉ ኢኹም፡ ንወለዲ ጽቡቕ ሓበሬታ ከነ ዳልወሎምገለ ግዜ ክወስደልና እዩ። ምስ ወለድን ኣለይትን ጽቡቕ ምትሕብባር ክህልወና ወሳኒ ተራ ክጻወት እዩ።

**- ቆልዑ ብሓባር ክጻወቱ ይኽእሉ ድዮም፡ ምስ ድላዮምክጻወቱ ይኽእሉ ድዮም?**
ሓላፊት ጉን ክሪስቲን ሃንስቮልድ፡ እወ ምስቶምኣብ ሓደ ጉጅለ ዝምደቡ ቆልዑ ክጻወቱ ይኽእሉ እዮም፡

**- ኣብደገ ዘሎሜጻወቲታትን ጽፍሕታትን ከሜይ ጌርኩምተጽርዩዎ?**
ሓላፊት ጉን ክሪስቲን ሃንስቮልድ፡ ሕጂነ ጽርዮ ግዜታት ካብቅድምኣጸቢቑ ዝበዝሐ ክኸውን እዩ። ሽቓቕን ሜሕጸብን ብውሑዱንሜልቲ ሓንሳብ ክሕጸብእዩ። ከምተወሳኺጽፍሕታት ካብክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ግዜ ንሜልቲ ክሕጸብእዩ። ንኽተሎውጥን ጽሬት ብዝተዛየደ ዕቱብነት ክንክተሎኢና።

**- ንግዝያዊ ሰራሕተኛታት ዝሜልከት ዝተሓንጸጹ ሜምርሒታት ኣለዉድዮም፡ ብዙሓት ግዝያዊ ሰራሕተኛታት ኣብዝተፈላለዩ መዋእለ-ህጻናትን ቤት-ትምህርታትን እዮምዝሰርሑ፡ ተኽእሎታት ምትሕልላፍ ኣብግምት ብምእታውነጸ ኮይኖምኣብኩለን ክሰርሑይፍቀደሎምድዩ፧**
ሓላፊት ኮሜ ኣላ ኢንግዳል፡ ብምእኡምሰራሕተኛታት ኣስተምህሮ ምክልኻል ተሜሓላለፍቲ ሕሞማት ክወሃቦምእዩ። እዚ ውን ንግዝያዊ ሰራሕተኛታት ይሜልከት። እዚ ክፍጸምከኣ ሜሪሕነት ናይቲ መዋእለ-ህጻናት እዩ ሓላፍነት ዝስከሜኡ። ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ ኩነታት ግዝያዊ ሰራሕተኛታት ኣብ ዝተፈላለዩ መዋእለ-ህጻናት እንዳተንቀሳቐሱ ክሰርሑኣይንሜክርን ኢና።

**- ውላደይ ኣብገዛ ይኹን ዝብል ምኽሪ እንተተዋሂቡኒ፡ ንመዋእለ-ህጻናት ክኸፍለሉ ይግደድ ድየ፧**
ዳይረክተር ኮሜ ካሚላ ትሩድነርአይድ፡ እቲ ቆልዓ ኣብመዋእለ-ህጻናት ክኸይድ ዝኽእል እንተደኣ ኮይኑ እቲ ቆልዓ መዋእለ-ህጻናት ክሜጽእ እዩ ዕላሜ፡ ከምኡ ካብኮነ ናይ መዋእለ-ህጻናት ክፍሊት ክኽፈል ኣሎዎ። እቲ ቆልዓ ኣብገዛ ይኹን እንተ ተባሂሉ፡ ርእሱ ዝኸኣለ ውልቃዊ ገምጋም ክንገብረሉ ኣለና።

**- ኣብመዋእለ-ህጻናት ዝኸዱ ብዝሒ ቆልዑ ንምቕናስ እቶምደቅና ኣብገዛ ከንሕዞምዕድል ዘለና ወለዲ፡ ኮሜ ደቅና ኣብገዛና ክንሕዞምይደሊ ድዩ፡ ሜለት ከምኡ ብምግባር ተኽእሎታት ምትሕልላፍ ክንቅንሶ ስለንኽእል፧**
ዳይረክተር ኮሜ ካሚላ ትሩድነርአይድ፡ ቆልዑ ልዑል ተኽእሎታት ምትሕልላፍ ካብዘይሃለዎም፡ ነዚ ኣብግምት ብምእታውቆልዑ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ክሜዱ ልዑል ኣወንታዊ ተራ ስለዝጻወት፡ እቶም ንመዋእለ-ህጻናት ክሜዱ ዝኽእሉ ሕጂ ናብ መዋእለ-ህጻናት ክሜዱ እዩ ምኽርና።

**- መዋእለ-ህጻናት ክኽፈት ምኳኑ የሻቕለኒ ኣሎ። ብዝሕ ዝበሉ ሜጽናዕትታት ኮቪድ-19 ኣንቢበ ኣለኹ። ኣብወጻኢ ሃገር ዝተኻየዱ ሜጽናዕትታት ቆልዑ ክለግቦምከምዝኽእል እዮም ዝነግሩና፡ እንተኾነ ግና ምልክትታት ከምዝየርእዩ። ተሜሓላለፍቲ ሕሞማት ድማኣብቆልዑ ዝርከቡሉ ኣከባቢታት ክላብዑ ብጣዕሊ ልዑል ተኽእሎታት እዩ ዘለዎም፡ ንኣብነት ኣብቀውዒ ኣብቤት-ትምህርቲ ፍላትኦሰን ኣሜይት ቆልዑ ኣብ ሓደ ግዜ ሓሚሞም፡ ወይ ድማኑሩቫይረስ ኣብዝተላበዓሉ እዋን ውን መዋእለ-ህጻናት ተተንኪፈን ነይረን። እዚ ኣፍልጦእዚ ኣብግምት ከተእትውዎ ሓሲብኩምኣሎኹምዶ፧**
ላዕለዋይ ሓኪምኮሜ በቲ ፕተርሰን፡ ትሮንድሀይምኮሜ ኣብገምጋሜት ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ጉዳያት ጥዕናን(helsedirektoratet) ካልኦት ሰበ-ስልጣን ዘካየዱዎምገምጋሜትን እዩ ዝሞርኮስ፡ ከም ተወሳኺድማኣህጉራዊ ሜጽናዕትታት ዝተገበረሎምገምጋሜትን ብኣህጉራዊ ድረጃ ዝወሃቡ ምኽርታትን ይሞርኮስ። ኣብኖርወይ ከምዝለገቦምብርግጽ ዘፍለጡቆልዑ ውሑዳት እዮም፡ ብዙሓት ቆልዑ ዘይተሞርሜሩ ምኳኖምውን ሓደ ምኽንያት እዩ። ኣብኩሉ ክልታት ዕድመዝርከቡ ቆልዑ ክለግቦም ይኽእል እዩ፡ ከምኡውን ምልክታት ከርእዩን ንካልኦት ከሜሓላልፉን ውን ተኽእሎታት ኣሎ። ንሕና ኣብማንግስታውን ሃገራውን ገምጋሜት ኢና ንሞርኮስ ዘለና፡ እቶምዝተገብሩ ገምጋሜት ከኣ ልዑል ብቕዓት ኣሎዎምበሃልቲ ኢና።

**- ሕጂ መዋእለ-ህጻናት ቅድሚምኽፋቱ ንሕና ከምወለዲ ክንገብሮ ዘለና ቀንዲ ኣገዳሲ ነገር እንታይ እዩ?**
ላዕለዋይ ሓኪምኮሙ በቲ ፐተርሰን፡ ከምዝማስለኒ እቲ ሕጂ ክንገብሮ ንኽእል ቀንዲ ኣገዳሲ ነገር ትጽቢታትና ዝፈጥረልና ሓጎስ ከነካፍልን ብዛዕባ ዝጽበየና ዘሎ ብጽቡቕ ቃና ክንዛረበሉን እዩ። ኣእዳውኩምክትሕጸቡ ኣለኩምዝብል ዘረባ ደጋግሙዎ። ወለዲ ውን ዘለዎምእምነ ት ክብኣቢሎም ንዓና ክኣምኑና ኣገዳሲ እዩ፡ ማለት እቲ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ዘሎ ትሑት ተኽእሎታት ምትሕልላፍ ንኸይዛይድ ዓቕምና ዘፍቅዶ ዘበለ ብምሉእ ክንጽዕር ከምዝኾና ክኣምኑ።

ማዛዘሚ ወለድን ኣለይትን ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩምእታ ትምሄለከተኩምመዋእለ-ህጻናት ክትውከሱዋ ንምሕጸነ ኩም።